الحركة الشعبية الإرترية

**ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ**

Eritrean People's Movement

---

## <u>መበል 19 ዓመት ነጻነት ኤርትራ 2010</u>
## <u>ሎሚ ኣብ ኤርትራ ካብ ኣብያተ ትምህርቲ ኣብያተ ማእሰርቲ ይበዝሕ</u>

መበል 19 ዓመት በዓል ነጻነት ክነብዕል እንከሎ ኣብ ኣተሓሳስባ ነፍሲ ወከፍ ኤርትራዊ ዝመጽእ ተዘክሮታት ኣብቲ ንናጽነትን ሓርነትን ዝተኻየደ ቃልሲን ዝነበረ ጥምጥምን ኢዩ ኣብ ኣእምሮና ኰድጭ ዝብል። ኣብ ግንባራትን ውሽጢ ከተማን ምስ ሓይሊ መግዛእቲ ዝነበረ ምትሕንናቕን ዝተኸፍለ መስዋእትን ኣብዛ ሓጻር ጽሕፍቲ ብምሉኡ ዘርዚርካ ምቕራብ ዝከኣል ኣይኮነን። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ኵርናዕ መሬት ኤርትራ ዝወደቑ ተጋደልቲ፤ ህጻናት፡ ሽማግለታት፡ ዝተበታተነን ዝጸነተን ስድራ-ቤታት ክንደይ ኢልካ እሞ ክዝርዘር። ጥሪቱን ሃብቱን በሪሱ፡ ኣግራቡን ኣኻውሑን ብናፓል ተቓጺሉ። ኣየወ ክንደይ ጥውይዋይን ነዊሕ ሕልኽልኻት ዝመልአ ጉዕዞ፡ ውረድ ደይብ ዝበዝሖ፡ ቁርን ጸሓይን፡ ጽምእን ዕርቃንን ጥሜትን፡ ኮታ ዘይከኣል ዝመስል ዝነበረ ከቢድ መስዋእቲ ብምኽፋል ንዓለም ብዘገርም ዓወቱ ኣረጋጊጹን ናጽነቱ ኣውሒሱን። ህዝቢ ኤርትራ ምእንቲ ነጻነቱ ክቡር መስዋእቲ ከፊሉ ኢዩ። ናጽነት ብናይ ተኻፋልነት ኩሉ ሕብረተ-ሰብ ኤርትራ ዝተረኽበ ስለ ዝኾነ ብዘይስክፍታን ብነጻ ርእይቶን ክስተማቕር ኢዩ ዝግባእ ዝነበረ። ከምቲ ህግደፋውያን ሰዓቶምን ዝሓስብዎ ነጻነት ንፍሉይ ፖለቲካዊ ውድብ ወይ ጉጅለ ከም ፍሉይ ሪም ዝትሓዝ ወይ ዝውሃብ ኣይኮነን። ናጽነት ብህዝቢ ኤርትራ ዝመጸ ንህዝቢ ኤርትራ ብማዕረ ይብጽሖ። ብዝደለዮ ኣገባብ ክብዕሎን ክዝክሮን ከኣ መሰሉ እዩ ።

ህዝቢ ኤርትራ ነዊሕን ከቢድ መስዋእትን ብምኽፋል ንገዛእቲ ስርዓታት ኢትዮጵያ ስዒሩ ብ1991 ንመላእ መሬት ኤርትራ ሓራ ኣውጺእዋ። ብ24 ግንቦት 1993 ከኣ ብተዓዛብነት ሕቡራት መንግስታት ብመገዲ ሪፈረንዱም እወ ንናጽነት ብምድማጽ ኤርትራ ነጻን ልዕላውነታ ዘረጋገጸት ሃገር ምዃና ሕጋዊ መዕለቢ ገይሩሉ።

ልዕላውነት ሃገረ ኤርትራ ብቓልስን መስዋእትን ምሉእ ህዝቢ ኤርትራ ዝተረጋገጸ ሃገራዊ ዓወት እዩ። እዚ ታሪኻዊ ተረኽቦዚ ንመድረኽ ሃገራዊ ሓርነታዊ ተጋድሎ ኤርትራ ደምዲሙ ንህዝብና ናብቲ ካልእይ ምዕራፍ ኣብ ድርኩኺት ምህናጽ ዕሸል ሃገርን ትካላታን ከም ዝጽመድ ገይርዎ። ዕማም ሃገር ምህናጽ ኩሉ ሰብኣውን ንዋታውን ሃገራዊ ዓቕሚ ብምልኣት ምውፋር ይጠልብ። መድረኽ ሃገር ምህናጽ ብባህርያቱ ካብ መደረኽ ሃገር ነጻ ምውጻእ ዝተፈልየ መሰረታዊ ተምሳላትን ጠባያትን ስለዘለዎ ዝተፈልየ ኣተኣላልያን ኣተሓሕዛን ይሓትት።

1. <u>ዛዕባ ሃገራዊ ዕርቅን ህግደፍ ከም ፖለቲካዊ ሓይሊን</u>

ኣብ እዋን ናጽነት ኣብ ኮረሻ ስልጣን ዝደየበ ውድብ ንድልየትን ባህግታትን ህዝብና በዳሂ ብዝኾነ ባህርን ተግባርን እንኮ ብዝኾነ ውድባዊ ስርዓት ክምስርት መሪጹ ጥራይ ዘይኮነስ ንመላእ ሃገር ከም ብሕታዊ ጥሪቱ፡ ንህዝቢ ከኣ ጊላኡ ብምግባር ኣዕኑድ ምልካዊ ስርዓቱ ካብ ምድኳን ዓዲ ኣይወዓለን።

2. ቁጠባዊ ፖሊሲ ስርዓት ህግደፍ

ብደርቢ ይኹን ብጾታ ወይ ብዕድመ ብህግደፍ ዘይተንከፈ ኣባል ሕብረተ-ሰብ የለን። ነጋዶ ከም ጸላእቲ ተወሲዶም በብግዚኡ ስለ ዝኽሰሩን ዝእሰሩን፣ ሰኣን ጉልበት ሰብ ካብ ፋብሪካን ሕርሻን ክርከብ ዝግብኦ ማእቶት ኣብ ኣልቦነት ብምውዳቑ ህዝብና ኣብ ሕሱም ሽግር ወዲቑ ይርከብ። ቁጠባ ሃገርና ድማ ትሕቲ ባዶ ወሪዱ እንተ ተባህለ ምግናን ኣይኮነን። ህዝቢ ኤርትራ ተጸባይ ረዲኤት ኮይኑ ኣሎ።

3. ማሕበራዊ ፍትሒ

ህዝቢ ኤርትራ ን30 ዓመታት ዝኣክል ክቃለስ ከሎ ንናጽነቱን ሓርነቱን መሰላቱን ኢዩ ነይሩ። ካብ ባዕዳዊ መግዛእቲ እኳ ነጻ እንተወጸ ነቲ ዝተቓለሰሉ ዕላማ ክብሪ ሓርነቱን መሰሉን ነጻ ርእይቶኡን ትካላቱን ኣብ ምትግባር በቒዑዶ እንተተባህለ ኣይፋሉን ኢዩ እቲ መልሲ። ሃገርና ሓንቲ ካብተን ብሓደ ጸቓጢ ሰልፊ እትግዛእ ዘላ ጥራይ ዘይኮነትስ ሓደ ውልቀ መራሒ ዘሕምቕ ስርዓት እትሳቐ ዘላ ሃገር ኢያ። ህዝብና ክብሩን መሰላቱን ተጋሂሱ ይርከብ። ነጻነት ፕረስ የለን። ብሕግን ቅዋምን ተቐይዱ ዝኸይድ ስርዓት ኣብ ኤርትራ የለን። መራሒ ህግደፍ ባዕሉ ሓጋጊ ኣካል፣ ባዕሉ ፈጻሚ ኣካል፣ ባዕሉ ፈራዲ ኣካል ኢዩ። ሃገርን ህዝብን ብምልኡ ውልቃዊ ጥሪቱ ገይርዎ ድማ ይርከብ። ናይ ነጻ ምሕሳብ፣ ምዝራብ፣ ምጽሓፍ፣ ምእካብ ከምኡውን ናይ እምነት ነጻነት ተነፊግዎ ኣሎ።

ኣብ ኤርትራ ፍትሒ የለን። ኣብ ቤት ፍርዲ ዘይቀረቡ ወይ ቤተ-ሰቦም ወይ ጠበቓታት ክረኽብዎም ዘይክእሉ ኣሽሓት እሱራት ኣለዉ። እዚ ጥራሕ ዘይኮነስ መብዛሕቲኦም ኣበየናይ ቦታ ተኣሲሮም ከም ዘለዉ’ውን ኣይፍለጥን ኢዩ። ኣብ ነፍሲወከፍ ናይ ሰራዊት ክልላት ቤት ማእሰርቲ ኣሎ። ኣብ ደሴታት፣ ኣብ ጎዳጉዲ፣ ኣብ ኮንተይነራት እውን ከይተረፈ ኣብያተ ማእሰርቲ መቑጸሪ የብሉን።

ወለዲ ደቆም ካብ ኢዶም ተመንዚዖም ብዘይኣላይ ተሪፎም። ደቂ ኣንስትዮ ከደምትን ግዳይ ጾታዊ ብልሽውና ናይ መኮንናት ህግደፍ ኮይነን ኣለዋ። ኣብ ትምህርቲ ክዋፈሩ ዝግብኦም መንእሰያት ተገፊፎም ባራዩ ናይቲ ስርዓት ኮይኖም ኣለዉ። ካብዚ ንምምላጥ ድማ ቤተ-ሰቦምን ሃገሮምን ገዲፎም ንስደት ይውሕዙ ኣለዉ። ኣብዚ ግዜ’ዚ ኣብ ኢትዮጵያ 5 መዓስከር ስተደተኛታ ተደኵኑ ይርከብ። ኣብ ልዕሊ ዜጋታትና ዝፍጸም ዘሎ ግፍዕታት ኩሉ ኣብዚ ዘርዚርካ ንምቅራቡ ስለ ዘይከኣል ነጻነት ንህዝቢ ኤርትራ ኣብ ክንዲ ፍትሕን ራህዋን ምዕባለን ዘጓናጽፎ፡ ብኣንጻሩ ኣደዳ ማእሰርትን፡ ስቅያትን፡ ስደትን እዩ ዝፍደዮ ዘሎ።

4. ጥዕና

ኣብ ጥዕና እውን ብሰንኪ ዋሕዲ መድሃኒት ህዝብና ብዝተፈላለዩ ሕማማት ይሳቐ ኣሎ። በቲ ቀዛፊ ሕማም ሕብረተ-ሰብና ተለቢዱ ንመዓልቲ ዝሃልቕ ዘሎ መንእሰይ ኣዝዩ ዘሰክፍ ኢዩ።

5. ትምህርቲ

ትምህርቲ ጎደና ምዕባለ፡ መሰል ነፍሲወከፍ ዜጋ’ውን እዩ። ሎሚ ኣብ ኤርትራ ካብ ኣብያተ ትምህርቲ ኣብያተ ማእሰርቲ ይበዝሕ።ስርዓት ህግደፍ ቀጻልነት ስልጣኑ ጥራሕ ስለ ዘገድሶ ክምሃር ዝኽእል ሓይሊ ብምልኡ ኣብ ድፍዓት ወይ መደበር ታዕሊም ሳዋ ኢዩ ተጸፋጺፉ ዘሎ። ወለዲ ዋንነት ደቆም ተነፊጎም። ደቂ ኣንስትዮ ከደምትን ግዳይ ጾታዊ ብልሽውና ናይ መኮንናት ህግደፍ ኮይነን ኣለዋ። ኣብ ትምህርቲ ክዋፈሩ ዝግብኦም መንእሰያት ተገፊፎም ኣብ ባርነት ዓለም ይነብሩ ኣለዉ። መንእሰያት ኤርትራ ናይ ወለዶም ዘይኮኑስ ብነጻ ንህግደፍ ከገልግሉ ዝተፈርዱ ዋኒን ናይ ፍሉያት ጉጅለ ኢዮም። ስርዓት ህግደፍ ንህዝቢ ኤርትራ ናብ ዲቕ ዝበለ ኣደዳ ድኽነትን ድንቁርናን እዩ ሸሚምዎ ዘሎ። ኣብዚ እዋን’ዚ ኣብ ኩሉ ከባቢታት ኤርትራ ግፋ ይካየድ ከም ዝቐነየን ዘሎን ኩሉ ዝፈልጦ ሓቂ እዩ።

6. <u>ወጻኢ ፖሊሲ</u>

ህዝቢ ኤርትራ ቅድሚ ኩሉ ሰላም ይደሊ። ሰላም ኣብ ውሽጢ ሃገሩ ሰላም ምስ ጎረባብቲ። ኣብ ህልውን መጻኢን ናብርኡ ድማ ውሕስነት ይደሊ። ናይ ወጻኢ ሜላ ስርዓት ህግደፍ ሓላፍነትን ክእለትን ዝጎደሎ ኢዩ። ስለ ዝኾነ ድማ ንኤርትራ ኣብ ውግእ ኣእትዩ እዚ ዘይብሃል ናይ ሰብን ንብረትን ብርሰት ኣውሪዱ። ንኤርትራ ከም ሓንቲ ፍንፍንቲ ሃገር ከም እትቁጸር ገይሩ። ህዝቢ ኤርትራ ምስ ጎረባብቲ ቅርኒ ኣፍሪቃ ብፍላይ ካብ ህዝቢ ዓለም ብሓፈሻ ክህልዎ ዝግባእ ናይ ሕውነትን ምትሕግጋዝን ብሰንኪ ጻሕታሪ ዅናት ፖሊሲ ስርዓት ህግደፍ ተነፊጉዎ ይርከብ።

7. <u>ህሉው ኩነታት ኤርትራ</u>

ሎሚ ኩነታት ሃገርና ብክልተ መገዲ ኢዩ ዝሓልፍ ዘሎ። ንሱ ከኣ ደምበ ተቓውሞን ስርዓት ህግደፍን ኢዩ።

1. ስርዓት ህግደፍ መገዲ ጥፍኣትን ምብትታንን፤ ራዕድን ሽበራን፤ ሕጊ ኣልቦነት፤ ማእሰርትን ስደትን ሕጽረት ማሕበራዊ ኣገልግሎታት፤ ዝውክል ይኸውን
2. ደምበ ተቓውሞ ከኣ መገዲ ድሕነት፤ ትንሳኤ፤ ስኒት፡ዲሞክራሲዊ ብዙሕነት ዝውክል ይኸውን።

2.1 <u>ደንበ ተቓውሞ</u>

ኤርትራ ኣብ ከቢድ ፖለቲካውን ማሕበራውን ቁጠባውን ቅልውላው ተሸሚማ ብምህላዋ ህልውና ህዝብን ሃገርን ኣብ ሕቶ ኣትዩ ይርከብ። ህግደፍ ህላወ ተቓወምቲ ውድባት ዘይኣምን ብዘይካ ናቱ ርእይቶ ናይ ካልኦት ርእይቶን ሓሳብን ዘይሰምዕን ዘይቕበልን እኽብካብ ጉጅለ ኢዩ። ጥቕሚ ጉጅልኡ ብምቕዳም መሰል ዜጋታቱ ዝግህስን ዘይኽብርን ብዘይካ ሓይልን ኩናትን መገዲ ሰላም ዘይኣምን ስርዓት'ውን እዩ። ምስዚ ዓንዳሪን ጨፍላቕን ጉጅለ ህግደፍ ናብ ሃገራዊ ዕርቅን ስኒትን ክብጻሕ ፈጺሙ ዘይሕሰብ እዩ።

ካብ ሃገራዊ ቅልውላውን ዕንወት ንምድሓን ነቶም በዳህቲን ኣስጋእትን ጸገማት ፍታሕ ንምርካብ ሰፊሕ ህዝቢ ዘሳትፍ ቃልሲ ክካየድ ኣለዎ። ናብዚ ንምብጻሕ ከኣ ነንሕድሕዱ ክጸዋወርን ህላወ ካልኦት ምቕባልን ምክብባርን ክሰፍን ይግባእ። ይዕበ ይንኣስ ብዘይገድስ ንዝለዓሉ ሕቶታት ምእንቲ ሃገራዊ ረብሓ ፍልልያት ከም ንቡር ተወሲዱ ሓድነትን ስኒትን ህዝብና ቀዳምነት ክሕዝ ኣለዎ።

<u>ኣብዚ እዋን'ዚ ንኹሉ ዘሳትፍ ጉዳይ ዋዕላ ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ ዓቢ ሕቶ ኣብ ቅድሜና ኣሎ። እዚ ንባዕሉ ሓድሽ ምዕራፍ ስለ ዝኾነ ብኣወንታ ጠሚትና ንምዕባሊኡ ፍልልያትና ኣወዚፍና ንሃገርና ካብዚ ተሃዋሲ ዅነታት ነድሕነሉ ኢና ክንጥምት ዚግብኣና። ኩሉ ጸገማትና ብሓደ ግዜ ኣብዚ ፍታሕ ክረክብ እዩ ዝብል መደምደምታ ክብጻሕ ግን ኣይከኣልን እዩ። ክውንነት'ውን የብሉን። ናብቲ ድሕሪኡ ዝመጽእ ተኸታታሊ ዋዕላታት እሞ ንሓድነት ህዝብና ዘውሕስ ራእይ እነቐምጠሉ ዕድል ዝህብ ስለ ዝኾነ ግን ብምጽውዋርን ብግሉጽነትን ኣብ ቅንዕና ዝተመርኮሰ ብኽፉት ልቢ ተቐቢልና ንዓወቱ ክንዋሳእ ግን ሃገራዊ ሓላፍነት ኣሎና።</u>

ብዓቢኡ ከኣ እዚ ሕጂ ክግበር ዝዳሎ ዘሎ ዋዕላ ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ ድሕሪ ውድቀት ህግደፍ ኣብ ሕምብርቲ ሃገሩ ዚጋባእ ምሉእ ህዝቢ ኤርትራ ዝሳተፎ ሃገራዊ ዋዕላ ንምብጻሕ ኣንፈት ንምሃብ ክሕግዝ እዩ። ጠቕሚ ዘይብሉ ጉዳያት እናምጻእካ ነዚ ቅዱስ ዕላማ'ዚ ክተተዓናቕፎ ምፍታን ዕምሪ ስርዓት ህግደፍ ምንዋሕ እንተዘይኮይኑ ንህዝቢ ኤርትራ ወላሓደ ረብሓ የብሉን።

ዘይተማልኡ ጉዳያት ንኽማልኡን ሃጓፍት ንኽይርከብ ምትሕግጋዝን ሓበረታታት ምልውዋጥን ቅኑዕ ስራሕ እዩ። ናብ ጽቡቕ ድላት ንምብጻሕ ኮነ ናብ ኣድማዒ ደረጃ ንምብጻሕ ከኣ ናይ ኩሉ ደላይ ለውጢ ደገፍን ሓገዝን የድልዮ። ሃገር ንምድሓን ዘሎ ዓቕምታት ጠርኒፍካ ኣንጻር ስርዓት ህግደፍ ምቅላስ ኢዩ እንኮ ምርጫ።

ንሃገር ዝፈታትን ከቢድ ሓደጋ ጠንቁን ተሓታቲ ስርዓት ህግደፍ ኢዩ። ነዚ ከቢድ ሓደጋ ሓንሳእን ንሓዋሩን ደምሲስካ ዘላቒ ሰላም ውሑስ ንምግባር ዝከኣል ከኣ ስርዓት ህግደፍ ምስ ዘልግስ ጥራሕ'ዩ። ስርዓት ህግደፍ ኣተኣታትዩዎ ዘሎ ግዕዙይ ትካላዊ ምሕደራን ፖሊስታቱን ሰሪዝካ ኣብ ቦትኡ ፖለቲካዊ ብዙሕነት ዝቕበል ዓንዲ ሕጊን ቅዋምን ተኺልካ፡ ብህዝቢ ዝተወከለ (ዝተመርጸ) ቅዋማዊ መንግስቲ ምትካል እዩ ፍታሕ ናይቲ ሽግር። ናብዚ ንምብጻሕ ከኣ ናይ ኩሉ ወገን ተሳታፍነት ዝሓተት ኮይኑ ኣቀዋውማ ሕብረተሰብ ኤርትራ ዝቕበሎ ስትራተጂ ምውናን የድሊ።

መበል 19 ዓመት ነጻነት ኤርትራ ኣብ ነብዕለሉ እዋን ኣብ ሓንጎል ነፍሲወከፍና ዝለዓል ሕቶ እምበኣር ኵነታት ሃገርና ከመይ ይመስል፡ ኩሉ ዜጋ ብሓጎስን ቅሳነትን ብሰላምን ብፍቕርን ዲዩ ዘብዕሎ ዘሎ ወይስ ብምኽንያት ህግደፍ ዝኸተሎ ዘሎ ሕሱም ናይ ፈላሊኻ ግዛእ ሜላ ኢዩ ዘብዕሎ ዘሎ'ውን ዝሪኣሉ'ዩ። ነጻነት ናይ ኩልና ኢዩ። መራሕቲ ህግደፍ ንህዝብና ሓመድ ድፋጭኡ እናስተይዎ ንመናውሒ ስልጣኖም ክብሉ በብግዚኡ ተቀያያሪ ፖሊሲታቶምን ዘይትግበር መብጽዓታቶምን ኣብ ኣደባባይ ዘስምዕዎ ዲስኩራት መትሓዝን ትርጉምን ተሳኢንዎ ኣሎ። መበል 19 ዓመት ነጻነት ኤርትራ ኣብ ነብዕለሉ ዘሎና ናይ ዝሓለፈን ዘሎን ኩነታት ገምጊምና ንመጻኢ ጉዕዞ ቃልስና እንቕይሰለላን፡ ነቶም ኣብ ትሕቲ ህግደፍ ዝሳቐዩ ዘሎው ናይ ፖለቲካ እሱራት ብሞራልን ብመንፈስን ኣብ ጎድኖም ከምዘሎና ንዝክረላ መዓልቲ'ውን እያ።

በዚ ኣጋጣሚ ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ንምሉእ ህዝቢ ኤርትራ እንቛዕ ኣብ መበል 19 ዓመት በዓል ነጻነት ኣብጽሓካ እናበለት ዮሃናኣ ተመሓላልፍ።

ዘለዓለማዊ ዝኽሪ ንስውኣትና

ግዝኣተ-ሕጊ ይንገስ

20/05/10